Region Örebro län

# ምኽሪ ስድራ ቤት



**ከም ብጽምዲ ዝምድናን ከም ሓደ ቤት-ሰብን ብሓባር ክትነብር ከሎኻ ኣብ ህይወት ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ጸገማት የስዕብ እዩ፡ ከምዚ እንድሕሪ ድኣ ኣጋጢሙ ናብ ናይ ምኽሪ ስድራ-ቤት (Familjerådgivningen) ክትመጹና ትኽእሉ ኢኹም።**

ዕላማና ብሓባር ኮይና ለዉጢ ንኽግበር ከቃልለለና ዝኽእል ምትእምማን ዝሓዘለ ዝርርብ ንኽንገበር ዕድል ንምፍጣር እዩ።

## ንመን?

እዚ ናይ ምኽሪ  ስድራ ቤት ንልዕሊ 18 ዓመት ዝኾንኩም፣ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾንኩምን እሞ ኣብ ናይ ጽምዲ ዝምድና ወይ ናይ ቤት-ሰብ ዝምድና ጸገም ዘለኩምን ኣብ ዞባ ኣረብሩ ትቕመጡን እዩ ዝምልከት።

## ንዝርርብ ቆጸራ ሓዙ

እቶም ገለ ናይ ቋንቋ ሽወደን ፍልጠት ዘለኩም እቲ ዝርርብ በቲ *Digital mottagningen* ዝብል ኣፕ (app) ጌርኩም ቆጸራ ክትሕዙ ትኽእሉ፡ ነቲ ኣፕ ናብ ሞቢል ተሌፎንኩም ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ጠዊቕኩም ኣዉርድዎ፡

App Store Till iPhone/iPad
Google Play Till android

እቶም ገለ ናይ ቋንቋ ሽወደን ሕጽረት ዘለኩም ንዝርርብ ቆጸራ ክትሕዙ ናብ ናይ ምኽሪ ስድራ ቤት በዚ ዝስዕብ ተሌፎን ቁጽሪ ደዉሉ 019-602 74 64።

## ኣተርጓሚ

ኣተርጓሚ እንድሕሪ ዘድልየኩም ኮይኑ ንምኽሪ ስድራ ቤት ደዉሉልና፡ ባዕልና ንኽፍሎ ኣተርጓሚ ክንቋጸረልኩም ኢና።

## ምስራዝ ናይ ዝርርብ ቆጸራ

እንድሕሪ ድኣ ኣብቲ ናይ ዝርርብ ዝገበርኩሞ ቆጸራ ክትመጹ ዘይክኣልኩም ነቲ ቆጸራኹም ክትስርዝዎ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ብዲጂታል ጌርኩም ዝሓዝክምዎ ናይ ዝርርብ ቆጸራ ኣብዚ ብምጥዋቕ ወይ ብ *Digital mottagningen* ዝብል ኣፕ ጌርኩም ትስርዝዎ፡ እቲ ተሌፎን ብምድዋል ጌርኩም ዝሓዝኩሞ ቆጸራ ናብቲ ናይ ምኽሪ ስድራ ቤት ብምድዋል ትስርዝዎ፡ እቲ ኣብ ዉሽጢ 24 ስዓታት ዝስረዝ ናይ ዝርርብ ቆጸራ ናብ ናይ ምኽሪ ስድራ ቤት ብምድዋል ይስረዝ።

እቲ ቆጸራኹም ቅድሚ 24 ስዓት እንድሕሪ ዘይ ሰሪዝኩሞ ወይ ናብ ቆጸራኹም እንተ ዘይ መጻኹም ናይ ዘይምምጻእኩም ክፍሊት 250 ኮሮና ትኸፍሉ።

## ብድሓን ምጹና!

## ዝርርብና

- እቲ ዝርርብ ወለንታዊ ማለት ብድልየት ኮይኑ ሓደ ስዓትን ፈረቓን ይወስድ
- እቲ ዝርርብ ነፍሲ ወከፍ ክንራኸብ ከሎና 250 ኮሮና ይኽፈሎ
- እዚ ምኽሪ ስድራ ቤት ፍጹም ዝኾነ ናይ ምስጢር ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎ
- እዚ ምኽሪ ስድራ ቤት ዝኾነ መዝገብ ኣይምዝግብን እዩ
- ስም ኣልቦ ክትኮኑ መሰልኩም እዩ (ስምኩም ከይነገርኩም ክትካፈሉ ትኽእሉ ኢኹም)

## ኣብ ዘለናዮ ርኸቡና

**እዚ ናይ ምኽሪ ስድራ ቤት ኣብ ኣረብሩ፣ ሃልስበሪ፣ ካርልስኩጋ ከምኡ ዉን ኣብ ሊንደስበሪ መቐበሊ ኣለዎ።**

**ኣረብሩ**: Örebro:  Näbbtorgsgatan 2, 2ይ ደርቢ, ኣረብሩ ብካርታ ኣርኢ

**ሃልስበሪ**: Hallsberg:  Hasselvägen 1, 2ይ ደርቢ, ሃልስበሪ  ብካርታ ኣርኢ

**ካርልስኩጋ**: Karlskoga Bregårdsgatan 1E, ካርልስኩጋ ብካርታ ኣርኢ

**ሊንድስበሪ:** Lindesberg:  Banvägen 24 A, ሊንድስበሪ. መእተዊ ብድሕሪ እቲ ገዛ ብካርታ ኣርኢ